
*Embassy of the State of Eritrea*
*United Kingdom*

**London: 16 May 2010** **REF: MEDIA/PressConf/MAY 2010**



# ጋዜጣዊ ዋዕላ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ላንደን

ከም መቐጸልታ ናይቲ "ግንቦት ንመዓልቲ ናጽነት" ዝብል መደብ ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ሕቡራት ንግስነት ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብ ላንደን ብዕለት 13 ግንቦት ኣብ ሂልተን መትሮፖል ሆቴል ተኻይዱ። ኣብቲ ብምኽንያት መበል 19 ዓመት በዓል ናጽነት ዝተኻየደ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ን24 ካብ **BBC Radio Current Affairs, BBC World Service, BBC Focus on Africa, Channel 4 News,, Press TV, Africa Confidential, Al Hayat, Al Qudus Newspaper, Al Sharq Alawsath**ን ካልኦት መዲያ ትካላትን፡ ወከልቲ ገለ ኤምባሲታት ኣብ ላንደንን ወኪል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻእን (**FCO**)፣ ዝተሳተፉዎ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣብቲ መግለጺ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ 1907/2010፡ ጉዳይ ጎበጣ መሬት ኤርትራ ብስርዓት ኢትዮጵያን ሓላፍነት ባይቶ ጸጥታን፡ ሕቶ ዝምድና ኤርትራን ጅቡትን መረግጺ መንስግቲ ኤርትራን፡ ህልው ኩነታት ሶማሊያን መጻኢ ኣተሓሕዛን ፖሊሲን መንግስቲ ኤርትርን፡ ህልው ኩነታት ኤርትራን መንስግቲ ሓንጺጹዎ ዘሎ መደባት ልምዓትን ብፍላይ ኣብ ምህናጽ ሃገራዊ ዓቕምን ውሕስነት መግብን ሕጂ ሒዙዎ ዘሎ ዒላማታትን ተራ ኤርትራውያን ዜጋታት ነበርቲ ሕቡራት ንግስነትን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣብ ልዕሊዚ መንግስቲ ኤርትራ ከም መበገሲ ኣብ ኣኼባ ልኡኽ ኤርትራ ምስ ልኡኻት ባይቶ ጸጥታ ኮሚቴ 751 ዘቕረቦ ናይ ፖሊሲ ወረቐትን ውጽኢት ናይቲ ዝተኻየደ ኣኼባን'ውን ኣብሪሁ።

ኣብ መዛዘሚ መግለጺኡ ኣምባሳደር መዲያ እቲ ሓቐኛ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ምንጽብራቕ ዘርእየኦ ኣሉታዊ ተራ ኪምርምራ፡ ኤምብሲ ኤርትራ ኣብ ዝኾነ እዋን ንምጽማደን ዘለዎ ድልዉነተን፡ ዝኾነ ንኤርትራ ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ንምምጋበንን ዘሎ ድሌትን ብሓፈሻ ዝምድናታት ንምድልዳልን ዘለዎ ድልዉነትን ጻዕርን ገሊጹ። እቲ ጋዜጣዊ ዋዕላ ንጹር ስእሊ ብዛዕባ ምስሊ ኤርትራን ሓያሎይ ጉዳያት ዝሃበ ምንባሩ ብሓያሎ ተሳተፍቲ ተገምጊሙ።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ጋዜጣዊ ዋዕላ ኣምባሳደር ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረበሉ ሕቶታት መልሲ ሂቡ። ከም መቐጸልታኡ ድማ ድሕሪቲ ኣጋጣሚ ምስ **BBC Radio Current Affairs, BBC World Service፣ Al Qudus Newspaper** ሰለስተ ቃለ መጠይቕ ኣካይዱ።

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
መዲያን ሓበሬታን

*96 White Lion Street, London N1 9PF* *Tel: +20 7713 0096* *Fax: +20 7713 0161*
*e-mail: paamba@eriembauk.com*